ንናይ ሓደጋ ግዜ ዕንወት ዝኸውን ማይ ኣቐምጡ



City of Seattle

Seattle Emergency Management

Seattle Office of Emergency Management
www.seattle.gov/emergency
206-233-5076

Seattle Public Utilities

ንናይ ሓደጋ ግዜ ዕንወት ዝኸውን ማይ ኣቐምጡ

ናይ ተፈጥሮ ሓደጋ ከምእኒ ምንቅጥቃጥ መሬት፣ ነቲ ናይ ማይ ቱቦታት ከዕንውዎ ይኽእሉ እዮም። ስለዚ ንነፍሲ ወከፍ ኣባል ስድራቤትኩም ብውሕድ ን3 መዓልታት ዝኸውን ማይ ኣቐምጡ።

ንግዜ ሓደጋ ዝኸውን ማይ ብኸመይ ክተቐምጡ ከም ትኽእሉ

ነዞም ዝስዕቡ ደረጃታት እንተደኣ ተኸቲልኩም፣ ናይ ክልተ ሊትሮ ጠራሙዝ ኣዝዮም ጠቐምቲ መትሓዚ ማይ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

- እቲ መትሓዚ ማይ ጽሩይ ምኾኑ ኣረጋግጹ። ኣብቲ መትሓዚ፣ 1/8 ናይ ሻሂ ማንካ በረኪና ከምእውን 2 ኩባያ ማይ ግበሩ። ነቲ መትሓዚ ከዲንኩም ጎጽጉጽዎ። ነቲ መትሓዚ ኣብ ጥቓ መኽደኒኡን ከምእውን ኣብ ላዕላይ ክፍልን ሕጸብዎ።

- ደሓር ንኩሉ ኣውጺእኩም ነቲ መትሓዚ ብሓድሽ ማይ ክሳብ ጫፉ ምልእዎ። ኣትሪርኩም ብምኽዳን፣ ኣብቲ መትሓዚ ማይ ኣብ ሓደጋ ግዜ ዝስተ ማይ ዝብል ጽሑፍ ግበርሉ። ከምእውን እቲ ማይ ዝመላእክምሉ ዕለት ጽሓፍሉ።

- ብዝተኻእለ መጠን ብዙሕ ማይ ኣቐምጡ! **ንነፍሲ ወከፍ ኣባል** ናይ ስድራቤትኩም **ሽዱሽተ ናይ 2 ሊትሮ ጠራሙዝ** ማይ ከተቐምጡ ይግባእ።

- ኩሉ ግዜ ኣብ 6 ወርሒ ነቲ ማይ ካብቲ መትሓዚ ኣውጺእኩም እንደገና ብሓድሽ ማይ ምልእዎ። (ኣብ ግዜ ሓጋይን ቀውዕን፣ ሰዓትኩም ኣብ ትቐይርሉ ግዜ፣ ነቲ መትሓዚ ማይ ድማ ገልቢጥኩም እንደገና ብኻልእ ማይ እትመልእሉ ግዜ ክኸውን ጽቡቕ እዩ።)

መጠንቀቕታ፣ እዞም ዝስዕቡ መትሓዚታት ክትጥቀሙ የብልኩምን፤ ጠርሙዝ መትሓዚ (ብቐሊሉ ስለ ዝሰበር)፣ ናይ ጸባ ፕላስቲክ መትሓዚ (ክትዕሽጎ ኣሽጋሪ ስለዝኾነን ብቐሊሉ ስለዝቐደድን) ወይድማ ናይ በራኪና ወይ መረዝቲ ከሚካላት መትሓዚ ዝነበሩ።

Tigrinya